# ከይተበሰ ዝተቖጸየ ኣረግት ሽጣራ ሻዕብያ!

"ንስራሕ ዘይተዓደለት ሕልና ንተንኮል ማዝንና የቡሉን" ድዩ ዝበሃል ሓቀይ? ኣማን ብኣማን ምስዛ ጽሑፈይ ክትኸይድ እትኽእል ምስላ ኢያ።

ኢሳያስ ቅድሚ ናብ ሜዳ ምስላፉ ብጎይቶቱ ተመሪሑ ንእንታይ ዕላማ ከም ዝተሰለፈ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ስለ ዘተገልጸ ነዚ ሓቂ ዘይፈልጥ ሰብ ኣሎ ኢልካ ንምእማን ቁሩብ ኣጸጋሚ ይገብሮ። እዚ ኾይኑ እቲ፡ ነዛ ርኹስ እግሩ ናብ ቃልሲ ሓርነት ካብ ዝረገጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ እዛ ዕለት ክንደይ ሽርሒታት ብዙሕ ህይወት ዜጋታት ዝቐዘፈ ተንኮላትን ከም ዝተፈጽመ ኩላትና ኣዳዕድዕና እንፈልጦ ሓቂ ኢዩ። እቲ ዘሕዝን ግን፡ እዚ ኩሉ ተንኮላትን ሽርሒታት ንረብሓ ሃገር ዘይኮነስ ንምልኽነት ሓደ ውልቂ ሰብ ኮይኑ ምትራፉ ኢዩ።

ዝርዳእ ኣእምሮ እንተ ሃልዩና፡ ኣብ ዝሓለፉ ድፍን ሓምሳ (50) ዓመትታት ጥራሕ ንውልቒ ኢሳያስ ካብ ግዝኣተ ወሎ ነበር ክሳብ ቤት መንግስቲ ኣስመራ ንምብጻሕ ኣብ ዝተገብረ ረቂቅ ሽጣራታት ዝተቖጽዩን ዝተቐተሉ ቁጽሪ ንጹሃን ዜጋታትና ምዝካር እኹል ይመስለኒ። ሃገርና ኤርትራን ህዝባን፡ መጋበሪ ሓደ ተራ ሰብ ንምግባር ክንደይ ኣሽሓት ምሁር ሓንጎል ኤርትራዊይያን ትሕቲ መሬት ተቐቢሩ ተሪፉ? ክንደይ ኣሽሓት ዝኣኽሉከ ክሳብ እዛ ዕለት ኣብ ሃንገራት ተሃጊሮም ንዓሰርተታት ዓመታት ኣይሙውታት ኣይህሉዋን ከርፋሕ ህይወት ይመርሑ ኣለው? ብጣዕሚ ዘሕዝን ታሪኻዊ ክስተት ኢዩ።

ዝኮነ ኮይኑ ንሽጣራታት ሻዕብያን ዕንወቱን ከም ጻዕዳ ኢድና እናፈለጥናዮ ኣብ ዘሎና ህሞት፡ ሕጅ እውን ሕብሪ እናቀያየረ ንብሄረሰብ ኩናማ ንምጽናት ዝገብሮ ዘሎ ከንቱ ፈተነ "ኣሜል ምስ መግነዝ" ካብ ምባል ሓሊፍካ ዝወሃቦ ካልእ ትርጉም የልቦን።

ንምኳኑ ሽፋቱ ሻዕብያ ዑሱባቶም ከም እነበዓል ደሃብ ፋይድ ቲንጋ (ጓል ፋቲንጋ) ብምውፋር ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ብሄረሰብ ኩናማ ንምቁጻይ ክንደይ ሽርሒ ዘይተገበረ? ኤረ ኣይኮነሎምን ደኣ እምበር ከም ድዱዕ ዓይነ-ምድሪ ብሓንቲ መርዚ ንምጥፋእ ተፍውትኑ እዩ። እዚ ኩሉ ምኳን ምስ ኣበዮም ሕጂ ድማ " ንእሾኽ ብእሾኽ" ዝዓይነቱ ሜላ ገጾም ለዊጦም ንህዝቢ ኩናማ ንምጥፋእ ብበዓሉ ብህዝቢ ኩናማ ዝብል ዕላማ ሕዞም ሓፍ ኮፍ ክብሉ ንዕዘቦም ኣሎና፡፡

ኣተረከ! በለት ጓል ዓንሰባተይት። "ንዓይ ንእንጨዋስ ኣብ ለቖጣ?" እንድዩ ኾይኑ እቲ ጸዋታ። ከንቱ ፈተነ ኢዩ ወዲ ኣፎም። ኣንቱም በላዕቲ ሰብ! ደጊምሲ ለብምና ኢና፡ ስለዚ ይትረፍዶ ንውጹዕ ህዝብና ብሄረሰብ ኩናሙ ናብ ማንም ዜጋታትናን፡ ጎሮቤትናን ወላ እውን ካባና ርሕቅ ዝበሉ ማንም ፍጡር ወዲ ኣዳም ዕላማታትኩም ንምውቃዕ ኢልና ማሳርሒ እንኾነሉ ጸወታ ጭፍጭፍ ኣብቅዑ ኢዩ፡፡

ኣብዚ ሰዓት እዚ ንዓና ንህዝቢ ኩናማ ዘገድሰና ብቀንዱ ፍትሒ ኢዩ። ብድሕርዩ ማዕርነት ኢዩ። ሚፈጸምታ ኩሉ ነገር ዝኾነት ሰላም እውን እቲ ናይ መጨረሻ ሸቶና ኢዩ። ነዚ ንምትግባር ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል እዛ ግራጭ ኮይናትኩም ዘላ መሪሕ ውዱብና ደምሓኩኤን መርሕነቱን ዓስልና፡ ምስ

ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ዝኾና ኣሓት ውዱባት ኤርትራን ሕብረተሰብ ዓለምን ኢድን ጓንትን ኮይን ካብ ኣርዑት መግዛትኩም ሓራ ከም እንወጽእ ምንም ጥርጥር የቡሉን፡፡

ነዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ድማ፡ እቶም ኣብ መጻወድያ ሻዕብያ ኣትዮም ንህዝቢ ኩናማን ካልኦት ብሔራትን ብሔረሰባትን ኤርትራ ፍትሒ ዘምጽእሉ መስሎዎም ምስ ህግደፍ ዕግሽግሽ ዝብሉ ዘለው ደቂ ብሔረሰብ ኩናማ፡ ሻዕብያ ንልዕሊ 50 ዓመታት ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራን ጎረባብትን ካብኡ ድማ ሓሊፉ ሕብረተሰብ ዓለም ዘታለለ ርኹስ ጉጅለ ደኣ እምበር ንፍትሒ፡ ማዕርነት ሰላም ዝቆመ ሓይሊ ከም ዘይኮነ ክመኽሮም ይደሊ። እዚ ድማ ብግምት ዘኮነስ ህዝቢ ኩናማ ገና ብረታዊ ቃልሱ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ብተግባር ዝተፈተነሉ ሓቂ ኢዩ። ሕዝቢ ኩናማ ኣብ ጽባሕ ምጅማር ብረታዊ ቃልሱ፡ እቲ ዘበግሶ ቃልሲ ፍትሒ፡ መዓርነት፡ ሰላም ስእኑ ንበረኻ ኣትዩ ደኣ እምበር ባህጊ ኩናት ፈጽሙ ከም ዘይብሉ ብተግባር ንምርግጋጽ፡ እንተኾነ ነቲ ዘሎ ጸገም ብዘተ ንክፍታሕ ምስ ክልተ ዝልቦም ስርዓት ሻዕብያ ቀሊል ግምት ክወሃቦ ዘይኽእል ርክባትን ዘተታትን ተገይሩ እዩ። ብቐደሙ ንምጽናት ህዝቢ ኩናማ ዝተዓጠቀ ሻዕብያ ግን፣ ብቀትሪ ዘተ ክገብር ውዕሉ ብለይቲ ድማ መጨወይትን መቕታል መራሕቲ ውዱብ ኩናማ ቀጺሉሉ። እንሆ ድማ ብዘተ ክፍታሕ ዘይተኸኣለ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኩናማ ናብ ዝለዓለ ብርኩ ደይቡ ኣብ መሪር ደማዊ ቃልሲ ይርከብ ኣሎ።

እቲ ዓብይ ሕቶ ዝኾውን ዘሎ እምበኣር፡ ሕጂ ኣየናይ ዕላማ ንምውቃዕ ኢዩ፡ ዘተ—መተ ዝበሃል ዘሎ? ጉዳይ እዘም ሎሚ ቅነ ለይቲ ለይቲ ተጨወዮም ዝጠፍኡ ዘለው ደቂ ኩናማከ ምስ እንታይ ክጽብጸብ ኢዩ? ከምቲ ልሙድ ምስ ስውኣት ድና ክንቆጽሮም ወይስ ምስ ትሕቲ ሃገራዊያን? ናብ ግዱድ ዕስክርና ተወሲዱ ከንቱ ዝሞቱ ዘለው ዜጋታትና ንስሙ ምስ ስውኣት እንተ ቆጸርና እዘም ካብ መደቀሲ ዓራውቶ ተወሲዶ ከም ሓሳማ ዝሕርውዱ ዘለውኸ ውላድት ኣደ ብምንታይ ንብዓት ትድበስ? ኤረ ዕሸላት ሕጻውንቲ ደቂ ኩናማ ንምንታይ ዕላማ ከምዝተደለዩ ዘጊት ዘይተፈለጠ እኳ እንተኾነ፡ መዛረቢ ማዕኸናት ዜና ኮይኑ ዘሎ ጉዳይከ ምስ እንታይ ከነጻጋግዖ ኢና? ምስ ሰራዊት ሃገራዊ ምክልኻል? ምስ ኮራኹር መርበብ ኣብረሃ ካሳ? ወይስ ኣብ ዶባት ሃገርና ስለዝፈርና ጥራሕ ማሳርሒ ተኽለ ማንጁስ ንምኳን ኣብ ሓለዋ ዶባት ምውፋር?

ስለዚ ሕጅ እውን እንብሎ ሓቂ እንተሃልዩ፥ ካብ ሻዕብያ ዝርከብ ፍትሒ ከም ዘየለ ብምርግጋጽ ኣብ ትሕቲ መሪሕ ውዱብና ደምሓኩኤ ብምዕሳል ንፍትሒን ማዕርነትን ልዕሊ ኩሉ ድማ ንፍጽምቲ ሰላም ካብ ምቕላስ ካልእ ኣማራጽ ከም ዘይብልና ንፈተውትና ኮነ፡ ኣምሪሮም ዝጸልኡና ታሪኻዊያን ጸላእቲ ህዝቢ ብሄረሰብ ኩናማ ክነብረሃሎም እንፈቱ፡፡

ፍትሒ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ!

ማዕርነት ንውጹዕ ህዝቢ ኩናማ!

ሰላም ድማ ንጎረባብትን ንህዝቢ ዓለም ብምሉእ!

መርባቲ ኣምረን ኢየ

**ሰሰናዩ**